ሰልፊ ሕዳሰ ኤርትራ ንፍትሒ حزب النهضة الارتري للعدالة
ERITREAN RENAISSANCE PARTY for JUSTICE
erjusticeparty@gmail.com

# መግለጺ ሓዘን

ኣቦና ብጹእ ወ ቅዱስ ኣቡነ ኣንጦንዮስ ፓትርያርከ ቤተ ክርስትያን ተዋህዶ ኤርትራ ድሕሪ ከቱር ጭካነን ፍትሒ ዝጎደሎን ማሕዩር ኣብ መበል 96 ዓመት ዕድሚኦም ዓሪፎም። ኣቦና ብጹእ ወ ቅዱስ ኣቡነ እንጦንዮስ ኣንጻር ስርዓት ህግደፍ ብግልጺ ዝተቃወሙ ቤተ ክርስትያን ብዘለዋ ቤተክርስትያናዊ ( ሃይማኖታዊ ) ሕጊ ክትመሓደር ፡ መንግስቲ ኣብ ሃይማናታዊ ጉዳያት ምትእትታው ደው ክብል ዝተቃለሱ ኣቦ ምንባሮም ይፍለጥ።

ስርዓት ህግደፍ ኢዱ ኣብ ሃይማኖታዊ ጉዳያት ካብ ዘእቱ ብዙሓት ሓርበኞታት ፡ መራሕቲ ሃይማኖትን ዓበይቲ ዓድን ኣብ ሓቂ ረጊጾም ንፍትሒ ተቃሊሶምን ይቃለሱን ኣለዉ። እዚ ከም በዓል ኣቦና ሓጂ ሙሳ መሓመድ ኑር ንስለ ህዝቦምን ሓቂን ኣብ ቤት ማእሰርቲ እታ ዘይትትካእ ክብርቲ ሂወቶም ብምውፋይ ክቡር መስዋእቲ ከፊሎም ዮም። ቃልስና ህዝቢ ኤርትራ ብ ሰላምን ቅሳነትን ፡ ፍትሒ ኣንጊሱ ኣብ ሃገሩ ከቢሩ ዝነብረላ ክትከውን'ዩ ፡ ነዚ ክዉን ንምግባር ድማ ኩሉ ኤርትራዊ ዕድመ ስልጣን ገባቲ ስርዓት ንምሕጻር ኣበርቲዑ ክቃለስ ንጽውዕ፡

ብዘጋጠመ ፍትሒ ዝጎደሎን ጭካነ ዝመልኦን ኩነታት፡ ሞት ኣቦና ብጹእ ወ ቅዱስ ኣቡነ እንጦንዮስ ፡ ብስም ኩሎም ኣባላት ፈጸምቲ ኣካላትን ኣባላት ሰልፊ ሕዳሰ ኤርትራ ንፍትሕን ዝተሰምዓኒ መሪር ሓዘን እንዳገለጽኩ ፡

ንኩሉ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብፍላይ ድማ ን ኣመንቲ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ኤርትራን ምሉእ ስድራቤቶምን ጽንዓት ይሃብ እብል ።

ዘልኣለማዊ ክብርን ዝክርን ንሰማእታትና !

ዶ/ር መሓመድ ብርሃን እድሪስ

ኣቦ መንበር ፈጻሚ ኣካል ሰልፊ ሕዳሰ ኤርትራ ንፍትሒ

9 ለካቲት 2022